## ሚክያስ 3
5 እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ንህዝበይ ዜስሕቱ፣ በስናኖም ዚነኽሱ፣ ሰላም ዚእውጁ፣ ነቲ ናብ ኣፎም ገለ ዘይህቦም ድማ ውግእ ዜዳልዉሉ ነብያት ከምዚ ይብል ኣሎ፣
6 ስለዚ ኣብ ክንዲ ራእይስ ለይቲ፣ ኣብ ክንዲ ጥንቈላ ኸኣ ጸልማት ኪኾነኩም እዩ። ጸሓይ ኣብ ልዕሊ ነብያት ትዐርብ፣ መዓልቲ ድማ ትጽልምቶም።
7 እቶም ራእይ ዚርእዩ ኺንውሩ፣ እቶም ጠንቈልቲ ኸኣ ኪሐንኩ እዮም፣ ካብ ኣምላኽ ምላሽ የልቦን እሞ፣ ኵላቶም ጭሕሞም ኪኸድኑ እዮም።

## 1ይ ዮሐንስ 4
1 ኣቱም ፍቁራተይ፡ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለዉ እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ኻብ ኣምላኽ እንተ ኾይኖም መርምሩ እምበር፡ ንመንፈስ ዘበለ ዅሉ ኣይትእመንዎ።
2 ንመንፈስ ኣምላኽ በዚ ኢኹም እትፈልጥዎ፡ የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዚእመን ዘበለ ዅሉ መንፈስ ካብ ኣምላኽ እዩ፡
3 የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዘይእመን ዘበለ ዅሉ መንፈስ ድማ ካብ ኣምላኽ ኣይኰነን። እዚ ኸኣ እቲ ኸም ዚመጽእ ሰሚዕኩምዎ ዘሎኹም ናይ ጸረ ክርስቶስ መንፈስ እዩ፡ ሕጂውን ድሮ ኣብ ዓለም ኣሎ።
4 ኣቱም ደቀየ፡ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዚዐቢ ስለ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎም ኣሎኹም።
5 ንሳቶምሲ ኻብ ዓለም እዮም፡ ስለዚ ኻብ ዓለም ይዛረቡ ኣለዉ፡ ዓለምውን ትሰምዖም ኣላ።
6 ንሕና ኻብ ኣምላኽ ኢና፡ ንኣምላኽ ዚፈልጥ ይሰምዓና፡ እቲ ኻብ ኣምላኽ ዘይኰነ ኣይሰምዓናን እዩ። ንመንፈስ ሓቅን ንመንፈስ ስሕተትን ከኣ በዚ ኢና እንፈልጦ።

## ማቴዎስ 7
22 በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ብስምካ እተነበናዶ ኣይኮናን፤ ኣጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን፤ ብስምካስ ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን፤ ኪብሉኒ እዮም።
23 ሽዑ ኣነ፡ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፡ ከቶ ኣይፈልጥኩኹምን፡ ካባይ ርሐቑ፡ ክብሎም እየ።
24 ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኹሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል።
25 ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ከኣ ደፍእዋ። ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ፡ ኣይወደቐትን።
26 ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኹሉ ኸኣ ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሰርሔ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል።
27 ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ነፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ደፍእዋ፡ ወደቐት፡ ኣዋዳድቓኣ ድማ ዓብዪ ኾነ።
28-29 ኰነ ድማ፡ የሱስ ነዚ ነገርዚ ምስ ወድኤ፡ ከም ጸሓፍቶም ዘይኰነስ፡ ስልጣን ከም ዘለዎ ይምህሮም ነበረ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ብምህሮኡ ተገረሙ።